# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.295 | ሓሙስ 10 ነሓሰ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — መፈጸምታ ዘመናዊ መግዛእታዊ ስርዓት ፈረንሳ




ገጽ 3 — "ኲናት ሩስያን ዩክረይንን ዘበሃል የለን" ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ



ገጽ 4 — እንጆታት ኣብ ምምሕዳርን ምምራሕን ኣኼባ



ገጽ 5 — ቅንጥብጣብ



ገጽ 7 — ኣስመራ ቢራ ንጥቢ ኣጥፊኣ




## ሰረጀቓ - ብምም/ዞባ ማእከልን ሚ/ሕርሻን ዘተሃንጸት ዲጋ ተመሪቓ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣፍደዩ-ጸሓፍላም - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ፡ ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ሚኒስትሪ ሕርሻን ዝተሃንጸት ዲጋ፡ ብ6 ነሓሰ ብጠቐላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስን ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኡት ተወልደብርሃንን ተመሪቓ።

ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ክፍለማርያም ጉብረመስቀል፡ ንኣገዳስነት ዲጋ ኣብ'ቲ ከባቢ ብምጥቃስ - ኪኖ ምንጪ ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ነበርቲ፡ መስኖኣዊ ልምዓት ከስፍሑን ውሕስነት መግቢ ከረጋግጹን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ክትገብር ምኳና ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺ ዞባ ማእከል ኢንጂነር ኣብርሃም ዳንኤል እውን፡ እታ 15.5 ሜትሮ ብራኸን 42 ሜትሮ ቁመትን ዘለዋ ዲጋ፡ ልዕሊ 70 ሽሕ ሜትሮ ኩቦ ማይ ከምእትሕዝን - ኣብ ትሕቲኣ ንዘሎ 10 ሄክታር ናይ ምልማዕ ተኽእሎ ከምዘለዋን ኣገንዚቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት



ዞባ ማእከል ኢንጂነር ተስፉኣለም ወልደሚካኤል፡ እቲ ስራሕ፡ "ሰማእታትና ብስራሕ ይደበሱ" ንዝብል ጭርሖን እምነትን ብተግባር ዘኹልዕ ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ሓይልታት ምክልኻል ብደሞም ዘረጋገጽዎ ዓወት ኣብ መደባት ልምዓት'ውን ክደግምዎ ምርኣይ ዘሐብን ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 63 ኮሎኔል መንግስትኣብ ሳሙኤል፡ ብምምሕዳር ዞባ ዝተዳለወ ሽልማት ተዋሂቡ።

ምምሕዳር ከባቢ ኣፍደዩ-ጸሓፍላም፡ ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ሰሜን ኣስታት 23 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ።

## ዓረዛ - ህዝቢ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኣዘናጊዑ

ህዝቢ ንኡስ ዞባ ዓረዛ እኽሉ-ማይ ብምድላው - ኣብ'ቲ ከባቢ ኣብ ልምዓታዊ ንጥፈታት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣዘናጊዑ።

ኣብ'ቲ ኣዛዚ እዚ ማእከል ብሪጋደር ጀነራል ተኸለ ክፍላይ ዝርከቦም ኣዘዝቲ ሰራዊትን ላዕለዎት ሰብ-ማዚ ምምሕዳር ዞባን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ርእሶም ክፍለማርያም፡ እቲ መደብ - ነቶም ኣብ ዝወፈሩሉ ዓውዲ ዓወት ዝድረርዎ ሓበን ሃገርን ህዝቡን ኣብ ጉድኖም ከምዘሎ ንምርግጋጽ ከም እተወደበ ገሊጹ።

ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 71 ሌ/ኮሎኔል ተኪኤ ጉብራይ ብወገኑ፡ ኣብ ሕቘፌ ህዝቦም ዝማምቑ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣብ ምጽጋን ጽርግያታት፡ ምፍዋስ ማይ-ኩዕታት፡ ምሕጋዝ ጸገማት ወገናትን ካልእን ይሳተፉ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ዝተገብረሎም እንግዶት ኪኖ'ቲ ትሕዝቶኡ - ሞራልን ሓቦን ዘሰንቕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

እዚ ከም'ዚ ኣሉ ኣንከሎ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሃዳሙ - ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ኣብ ህንጻት ፓርክ ሰማእታት ደቀምሓረ ተዋፊሮም ንዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እዚ ማእከል፡ ብ3 ነሓሰ እንግዶት ገይሮም።

ኣዛዚ ክፍለ-ሰራዊት 39 ሌ/ኮሎኔል ኣብርሃም ብርሃ፡ ነቲ ስራሕ ኣብ ሓጺር ግዜ ንምዝዛሙ ኣብርቲዖም ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ንዝገበረሎም ዘሎ ቀጻሊ ደገፍን ምትብባዕን ሞጒሱ።

መቓብር ሓርበኛታት ደቀምሓረ፡ ብምትሕብባር ህዝቢ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቀምሓረን እዚ ማእከልን - ብዝተመሓየሸ ኣገባብ ክህነጽ'ዩ መደብ

## ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ሕ.መ.ኣ. ብዓወት ተዛዚሙ

"ቅያ ስጡም ማሰርሕ" ብዝብል ቴማ ብ4 ነሓሰ ኣብ ከተማ ሲያትል ብወግዒ ዝተኸፍተ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ናብ 7 ነሓሰ ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ብልዑል ድምቀት ተዛዚሙ።

ናይ ለሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ብውዳቤታት ዝተዳለወ፡ ንታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ዘንጸባርቕ ቁሸት ገድሊ፣ ንጥንታዊ ታሪኽ ኤርትራ፡ ባህልን መንነትን፡ መኸተ ተጻብኦታትን ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማስን መራኸቢ ብዙሓንን ዘንጸባርቕ ቁሸታት፣ ደምባ ህጻናት፣ ሞያዊ ኣስተምህሮታት፣ ዘተ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያትን ህሉው ኩነታትን፡ ከምኡ'ውን ኣማኢት መንእሰያት ዝሳተፉ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ ዓምዲ ሞያዊ ኣስተምህሮታት፡ "መራኸቢ ብዙሓንን ወሃደት ኣፍሪቃን" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ዝተኻየደ ሓብራዊ ዘተ፡ ኣፍሪቃ ነቲ ብምዕራባዊ ዓለም ዝተዓብለለን ንረብሓ ምዕራባውያን ጥራይ ዘገልግልን ስርዓት-መራኸቢ ብዙሓን ክምክት ብቑዓት ዘለዎ፡ ታሪኽ ኣፍሪቃ ብኣፍሪቃውያን ንምዝንታው ዝሕግዝ - ስርዓት-መራኸቢ ብዙሓን ንምምዕባል፡ ኣኽዝር ኣብ ዘለዎ ጸዕረን ምትሕግጋዝን ሰፊሕ ዘተ ተኻዪዱ።

ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ ፈስቲቫል ኣቶ ኤፍሬም መሓሪ ኣብ ዝሃቦ ሎጂስቲካዊ ስራሕ ዝጠለበን ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ዜጋታት ዝሳተፉን ዓቢ ፈስቲቫል ኣብ ምድላውን ምክያድን ንዝለዓሉ ዜጋታትን ወጻእተኛታትን ከምኡ'ውን ንምምሕዳር ከተማ ታኮማን ሲያትል - ዋሽንግተንን ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብትሕዝቶን ኣቀራርባን ጸብለልታ ዝርኣዩ ቁሸታት ፈስቲቫል፣ ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት ንዝተዓወታ ጋንታታት፣ ከምኡ'ውን ፈስቲቫል ንምዕዋት ፍሉይ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ዜጋታትን ኣዕሩኽ ወጻእተኛታትን ሽልማት ተዓዲሉ።





# “ኩናት ሩስያን ዩክረይንን ዝበሃል የለን”
## ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

*ክቡራት ኣንበብቲ፡ ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ኣብ ካልኣይ ዋዕላ ሩስያ-ኣፍሪቃ (27-28 ሓምለ 2023) ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ዝተቐበሉሉ ግዜ ዘሰምዕ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል፣ ከምኡ’ውን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንፕረዚደንት ፑቲንን መሻርኽቱን ዓለማዊ ምህላዋታትን ኣመለኻኽታ ኤርትራን ብዝምልከት ዘሰምዖ ቃል ቀጺሉ ይቐርብ።*

### ቃል ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን

ክቡር ፕረዚደንትን ፈተውትናን!

ምሻኻትኩም ተራኺብ ኣብዚ ዝሓለፈ እዋናት ብዙሓት ዝበሩ ፍጻመታትን ዘዋህለልናዮ ተሞኩሮን ብዝምልከት ሓበሬታ ክንለዋወጥ ዝኢ ኣጋጣሚ ምርካበይ ሕጉስ እየ። ኣብ መትከላት ማዕርነትን ሓድሕዳዊ ምኽባርን ዝተመስረተ ዝምድና ሩስያን ኤርትራን እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ግዜ፡ ዲፕሎማስያዊ ርክባት ክልቲኣን ሃገራት ዝተመስረተሉ መበል 30 ዓመት ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት ከምዘኽበርና ይዝከር።

ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ቅድሚ ሓደት ኣዋርሕ ናብ ሩስያ ምብጻሕ ኣብ ዝፈጸምካሉ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ክሕደል ብዙሓ ዘለዎ ምትሕግጋዝ ብዕምቆት ተዘራሪብና፡ ኣብ ኣተግባብርኡ ክወሰድ ብዙሓ ዘለዎ ጭብጥ ስጉምትታት እውን ተመያይጥና ነይርና።

ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዘሎ ናይ ንግዲ ዕድላትን ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን እተጻዕነ፡ ብፍተይ ኣማኻሪ ማሕሰም ኦረሽኪን እትምርሖ፡ ካብ ላዕለዋይ ጽፍሒ መንግስታዊ ክፍልታት ዝተዋጽኦት ፍልይቲ ጉጅለ ክትቀውም ብዙሓቤዎ ትእዛዝ፡ እታ ጉጅለ ተመስሪታ ኣላ። ነቲ ኩሉ ዝድህሰስ ጉዳያት ንዝርከብኩም ወኪላ እተወሃሀድ ጉጅለ ድማ ብወገንኩም ክትርቋሕ ንጽቡ።

ኣብዚ ኣፍሪቃለኸ ምዲይጥ ሰሚ ምርኻብናን ናትካ ተሳትፎን ኣብ መንጎ ኤርትራን ሩስያን ዘሎ ዝምድናታት ብዝዩዳ ከም ዘሐይሎ ተስፋ እገብር።

ናብ ሃገርና መጺእኩም ክርእየኩም ባህ ኢቡሉ። ማለስ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም እብል።

### ቃል ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ኣብቲ ዋዕላ (2ይ ዋዕላ ሩስያ ኣፍሪቃ) ሰቡት ዝዘረብዎ ብጽሞና ተኸታቲለዮ። ሓደ ዘተሓሳስቢ ጉዳይ ኸኣ ኣሎ። ነቲ ጉዳይ ብወገና ከመይ ከም እንምልከቶ ንምብራህ ድማ ሓሳበይ ከቕርብ እየ።

ገለ ወገናት ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክረይንን ውግእ ከም ዘሎ እዮም ዝዛረቡ። ኣነ ኸኣ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክረይንን ውግእ የለን፡ ግጭት የለን’የ ዝብል። እዚ ውግእ’ዚ ኔቶ (ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ) ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝኣወጆ ውግእ እዩ ዝብሎ። ኔቶ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ኣዊጁዎ ዘሎ ኩናት ድማ ኣንጻር ሩስያ ጥራይ ኣይኮነን፡ ዓለም ናይ ምዕብላል ዕላማ ዘለዎ እዩ።

እዚ ዕላማ’ዚ ድሕሪ ፍጻመ ዝሑል ኩናት ዘማዕበሎ እዩ፡ ንሩስያ ኣብ ሓጺር ደንጎልካ ንምሓዝ ካብ ዘሎ ሕልሚ ዝበገሰ ድማ እዩ። ብቴክኖሎጂ፡ ብቑጠባ፡ ብሞገሕበራዊን ባህላዊን ምዕባለ ዝበዳሀም ኮይኑ ዝሰተምምም ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ኮታ ዝኾነ ሓይሊ ከምዝይህሉ ናይ ምግባር ሃቐነ እዩ።

እንተኾነ፡ እዚ መዓልቲ ሓሊፉ ዝበለየ ክልሱ-ሓሳብ እዩ። ሩስያ ነቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝተኣወጀ ውግእ ዘይተዋለወትሉ እኳ እንተነበረት እንታይ ይዋደድ ምንባሩ ግና ኣይሰሓተቶን። ብርእይቶይ ኔቶ ግዜኡ ዝሓለፎን ህልውናኡ ዘብቀዐን እዩ። ኤውሮጳዊ ሕብረት እውን ደሰላግ እዩ ዘሎ። ቅድሚ 30 ዓመት ሩስያ ሰማኣት ከም እትኾናም ብምሕሳብ እያ። ብኽልክላታት ከማስኑዋ ሓሊናም።

ኣብቲ እዋንቲ ሩስያ ሰማኣት ክትፈጥር እያ ኢሉ ዝገመተ ኣይነበረን፡ ከምኡ’ተ ሕጂ እዩ ዝረደኦም ዘሎ። ንሩስያ ኣብ ሓጸር ክትተውዋ ኣይክእሉን እዮም። ዩክረይን




ደኣ’ሞ ዘይ ንማስዋእቲ ዝተወፈየት ገሸል እያ። ዩክረይን እቲ ዋጋ ክትከፍሎ፡ ንሳቶም ነቲ ውግእ ንምቕጻል ብቢልዮናት ዝቖጸር ዶላራት የፍስሱ ኣለው፡ ገና ክቕጽሉዎ እዮም። ከምቲ ብዮሃ ይ ርድኢት ዝበሃል፡ እዚ ውግእ’ዚ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክረይንን ዘይኮነስ፡ ምዕራባውያን ሩስያ ሰማኣት ከይትኾናም ኣብ ልዕሊኣ ዝኸፈትዎ ውግእ እዩ፡ ዓብላልቲ ኮይናም ክወጽኡ እንድሕር ኮይናም ንሩስያ ክሰዕርዋ ኣለዎም።

ሕልሞም ብቴክኖሎጂ፡ ብዕጥቅን ብቑጠባን ዓብለልቲ ኮይናም፡ ባህርያዊ ጸጋታት ክዝብጡን ኩሉ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ከእትውን እዩ። እቲ ሕልሚ ግን ብማዝበሪ በኪ’ዩ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብ መንጎ ኣፍሪቃን ሩስያን ዝግበር ዋዕላ ነቲ ‘ኣብ ዩክረይን’ ዘሎ ኩነታት ብዕምቆት እንዝተሉን ናብ ሓደ ኣቀራረብ ርእይቶ እንመጽሉን ኣጋጣሚ እዩ። ብወገነይ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክረይንን ዝቶየድ ውግእ ኣይብሎን። ካብዚ ዝተፈልየ ርእይቶ ዘለዎ ድማ ክሰምዖ እደሊ እየ። እዚ ውግእ’ዚ፡ ዓብላልነት ንምውሓስ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝተፈነወ ውግእ እዩ። ዝሓለፈ 30 ዓመታት ኣመዓብብሎኡ ክከታተሎ ጸኒሐ እየ። ኣብዚ እንበዝሮ ዘለና ደረጃ ድማ በጺሐ። ኣብ መፈጸምታ ክበጽሕ ከኣ ናይ ግድን እዩ፡ ኔቶን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ካብቲ ዝተደላሰሉ ዓራት ክይተንስኡ ፈርሽሽሽ ኢሎም ዘብቅዓሉ ኩነት ክበጽሕ እዩ። እዚ ናይ ግዜ ጉዳይ ጥራይ እዩ።

ሩስያ እዚ ግቡእ ሰሉሓሰብ ኣብ ዝኸውን ግዜን ቦታን ዕድል ከይረኸበ ኣብ እተገብሮ ጻዕርታት፡ ዓለም ብምልእታ ኣብ ጎድና ክትቀውም ኣለዋ’የ ዝብል። እንታይ ዓይነት ንድፊ ክነውጽእ ኣለና? ተወሳኺ ዋጋ ከይተኸፍለ’ኸ መደባቶም ከመይ ገይርና ነፍርሶ? ብዕምቆት ክሕሰቡ ዘለዎ እዩ። ንሳቶም ካልእ ዋኒን ጠጠው ኣቢሎም ወረቐት ባጤራ ኣብ ምሕታም እዮም ዘለው። ሓደ ካብ ዝተኣማመንሉ ኣጸዋርዖም፡ እቲ ኣብ ዓለም ዝዘርግሕዎ ስርዓት ዶላርን ዩሮን ኮይኑ፡ ብኣጋዳን ሳንዱቕ ሕሳብ ብምደስኮልን ከም መሳርሒ ይግልገሉሉ ኣለው። እዚ ከምኡ ኣሉ ንሓዋሩ ክቕጽል የብሉን።

ብደረጃ ዓለም ካብ ዶላርን ዩሮን ካልኦት ባጤራታት ቀጻጸር ወጻኢ ዝኾኑ ሓደሽ ፋይናንሳዊ ስርዓት የድልየና ኣሎ። ሕጂ ንሩስያ ክቆጻጸሩ ዝገበርዎ ሃቐነ ስለዝፈሸለ ናብ ምብራቕ ገጾም ብምጥማት ንቻይና ኣብ ትሕቲ ዘርዓ ንምእታው ክቕንዑ እዮም። ምስ ቻይና ተሓጋጊዞም ከም ዝሰርሑ ናይ ጥበራ ቃላት ክዘርግሑ እውን ደስምዑ ኣለው። ብዙሓ ቻይና ሐዛማ

ዝጀነሑ ግምት ኩሉ ግቡይ ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ምዕቡል ቴክኖሎጂ እንተሃለዎም እኳ ቻይና እውን ኣርኪባ ክትሓልፎም ዓቕሚ ዘለዋ ሃገር ምኳና ስለዝተረድኡዎም፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ምስ ቻይና ብምሕዛት ክቕጽሉ ከምዝደልዩ እናምሰሉ፡ ንሩስያ ኣብ ተጻሊሉ ምእታው ከም ዝሓሸ ምርጫ ወሲዶሞ ኣለው።

ንኤርትራ ካብ ነዊሕ ኣትሒዞም ብእገዳታት እናቐጽዑ ኣብ ክልከላታት ከዕገትዋ እዮም ጸኒሖም። እቲ ኣውራ ምኽንያት ነቲ ዝኽተልዎ ሰሉሓሰብ ስለ ዘይንቕበል እዩ። ንሕና’ስ ከም ሃገር ኣሰጋእቲ እውን ኣይኮንናን። ግን ንዝኾነ ዝቃወሞም ኣካል ዓቕሚ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ሽሉል ዝበሉ ኣይኮኑን። ብዚይ ምቕራጽ ድማ ምኽማስ እናፈጠሩ ተኸታቲሎም ኣዋጅ እገዳታት ኣብ ልዕልና የስገድዱ ኣለው።

ሓደ ስትራተጂያዊ ትልሚ ኣውጺእና፡ እዚ ኣብ ሩስያ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ዓለም ተኣዊጁ ዘሎ ኩናት ክንምክቶ ክንክእል ኣለና። እዚ ንድፊ’ዚ ኣብ ምውጻኡ ድማ ሩስያ መሪሕ ተራ ክትጻወት ኣለዋ። ኩልና ኸኣ ብዝቐልጠፈ ግዜ ኣብቲ ሩስያ እትመርሖ ዓለማዊ መኸተ ክንተሓባበር ክንክእል ኣለና። እዚ ዓብላሊን ገባቲን ዕላማኦም ንምክልኻል ዘኽእለና፡ ብቐንዱ ናይ ሰላም ስትራተጂ እዩ። ብሰላም’ዩ ኸኣ ምዕባለን ልምዓት ዝመጽእ።

ንሕና ዋላ ሓደ ክህድደና ወይ ጭንቀት ክፈጥረልና ኣይፍቅደን ኢና። ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ልዕሊና ጸለመን ምድዋንን ስነ ኣእምሮኣዊ ውግእን የካይዱ፡ እገዳታት የተግብሩ ኣለው። እዚ ናይ ዕብለላ ውግእ ንምክልኻል እምበኣር ብሓባር ኣማራጺ ስትራተጂ ምውጻእ ከድልየና እዩ። እዚ ስትራተጂ’ዚ ብኽልተኣዊ ይኹን ሓያሎ ወገናት ብዝሰተፍዎ ዝምድናታት ክፍጠር ስለዘለዎ ድማ እያ ሩስያ ክትመርሖ ኣለዋ ዝበል ዘለኹ። ሩስያ ኩሉ በይና ክትውድኦ ማለት ኣይኮነን። ሓባራዊ መደባት ብምውጻእ እዚ ገቢቲ ስትራተጂ’ዚ ከመይ ገይርና ብቴክኖሎጂ፡ ኢንዱስትሪ፡ ሕርሻ፡ ጸዓትን ምሕደራ ማይን ተሪዚሞን ከም እንምክቶን ብኸመይ ኣገባብ ከምእነተግብሮን ኩልና ርእይቶታትና ከበርክት ንኽእል ኢና።

ብመንጽር ታሪኽ ክንዕዘብ ከለና እዚ ዘሎ ዓለማዊ ኣቶኖዳዚ መቐጻልታ ስርዓት-ጊላት እዩ። ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝመጸ ስርዓት-ጊላት ድሕሪ ምብቃዑ (ኣብ ዘመን ማስፍሕፍሓት) እዩ። ኣብ ኮንጎ ጥራይ ብሚልዮናት ዝቑጸር ህዝቢ ከምእተጨፍጨፈ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ሰሜን ኣመሪካን ካናዳን መሬቶም ንምውራስ ደቀባት ቀያሕቲ ህንዳውያን

ከምዝጀነኑ ተገይሩ። መሬቶም ምስ ሓዙ ኸኣ ኣብቲ ናይ ጡጥ ሕርሻታት ዝዋጽ ገባዩ ካብ ኣፍሪቃ ይግዕዙ ነይሮም። ሽዑ ዝበረ ጊላት ሕጂ እውን ይቕጽል ኣሎ። ካብኡ ቀጺሉ ምዕባለ ኢንዱስትሪ ተኸሰተ። እዚ እውን ጸጋታት ካልኦት ሃገራት ናብ ምምዝማዝ ስለዝምርሐ ጊላት ክቕጽል ከም ምኽንያት ኮይኑ። ጸጋታት ካልኦት ንምምዝማዕ ኀጠባ ኣሰየበ። መሬት ምስ ሓዙ፡ ኣብኡ ዒያዩ ጊላ ረኺቦም። ብኸምዚ ንኹሉ ኣብ ትሕቲ ጊላት ኣእቲዮሞም። ድሕሪኡ ዘይቀጥታዊ መግዛእቲን ዝሑል ኩናትን ሰዓበ። ኣብቲ እዋንቲ ሓደሽን ፍትሓውን ዓለማዊ ስርዓት ንምምጻእ ህዝቢ ዓለም ተስፋ ዘንበረላ ሕብረት ሶቭየት እያ ነይራ። ይኹን’ምበር መራሕታ ብዝተኸተልዎ ግቡይ ኣቶዳ ሕብረት ሶቭየት ፈረሰት። ከምቲ ኣብ ሓደ እዋን ባዕልኻ ዝበልካዮ እቲ ፍጻመ’ቲ ታሪኻዊ ትራጀዲ እዩ ነይሩ። ገለ ታሪኽ ደቂ ሰብ ድማ ኣብ ዓቢ ጋዶ ወዲቑ።

ምፍራስ ሕብረት-ሶቭየት ንኸም በዓል ፋኩያማ፡ ሃንቲንግተንን ዝኣመሰሉ ሰባት ናይ ዕብለላ ስትራተጂ ክሕድፉ ካብ ዘቦጓጉሉ ምኽንያታት እዩ ነይሩ። ሕብረት ሶቭየት ስለ ዝተበታተነት ዝቐጽል 50 ወይ 100 ዓመት ብዘይ ካልእ ተቓዋሚ ንዓለም ክቆጻጸሩ ዝኽእሉ’ዩ መሲልዎም። ኣብቲ እዋንቲ እዩ ኸኣ ዓለም ናይ ምዕብላል ህሩፍ ሕልሚ ዝሓለሙ። ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመት ዝተራእየ ኩሉ እንተተዓዚብና ዘይተቐየረ ኣተሓሳስባ ማለት መቐጸልታ ጊላት፡ ባዕዳዊ መግዛእትን ዕብለላን ኮይኑ ኢና እንረኽቦ።

ድሕሪ ደገም ዓለም እዚ ኩነት’ዚ ክትስዕሮ’ዩ ዘለዋ። ናብ ሓደሽ ስርዓት ዓለም ኣብ እንሰጋገረሉ ማስቀላዊ መገዲ ኢና ዘለና። ከመይ ገይርና ንድፊ ሓደሽ ዓለማዊ ስርዓት ነውጽእ? ከመይ ገይርና ጸጋታትና ኣገባብ ኣብዚ ስትራተጂ’ዚ ነውዕሎም? ከመይ ገይርና ኢና ህልውና ናይዚ ሰማኣት’ዚ ንህዝቢ ዓለም ነረድኦ? ሓባራዊ ስራሕ ዘድልዮ እዩ። ህዝብታት ዓለም ካብዚ ሰማኣት’ዚ እንተወጺኦም ብዘይ ዓበላሊን ገባቲን ብናጽነት ኣብ ልምዓት ከተኩሩ ምቹእ ባይታ ክረኽቡ ምኽኣሎም ክፈልጡ ኣለዎም።

እዚ ንምግባር ጭብጥ ዝኾኑ ንድፍታት ሒሄና ንቕረብ’ሞ፡ ኩሉ ዘሎ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ንርከበሉ። በብዕቕምና ነወፍዮ ሓሳብ ኣይሰኣንናን። እዚ ናይ ሩስያ-ኣፍሪቃ ምሕዝነት ሓደ መገዲ ናይቲ ከምዝዕበሎ ዘለና ዓለማዊ ምሕዝነት እዩ ዝብል ርእይቶ’ዩ ዘለኒ።

ዝጸንሐ ዕብለላ ንምውሓስ ብቐዳማይ ደረጃ መጥቃዕቲ ዝወርዳ ዘሎ ሩስያ ስለዝኾነት እዚ ጥምረት’ዚ ክትመርሖ ዘለዋ ሩስያ እያ። ንሳቶም ኣብ ዩክረይን ዝዩደድ ዘሎ ውግእ ንሩስያ ከዳኽሞ’ዩ ኢሎም ክሓልሙ ይኽእሉ እዮም። ብርግጽ ድማ ሩስያ እንተደኺማ ንዖኦም ዓቢ ረብሓ እዩ። እዚ ግና ሕልሚ እዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ ነቲ ኣብ ዩክረይን ዝዩደድ ዘሎ ውግእ ንምምዋል ብትሪልዮን ዝቑጸር ዶላር ይሓትሙ ኣለው። እዚ ከምኡ ኢሉ ክቕጽል ዝኽእል ኣይኮነን። ስለዚ ክንጸውዖ ኣርሒቕና ክንጥምት ኣለና። ክልተኣዊ ሽርክነትና፡ ኣብቲ ሩስያ ተሸኪማቶ ዘላ ታሪኻዊ ተልእኾ ዝተመርኮሰ እዩ። ናይዚ ዘለናዮ መድረኽ መራሒ ድማ ብኸም ኩሉ ህዝቢ ዓለም ቭላድሚር ፑቲን እዩ ክበሃል እኽእል። ንውልቀ ሰብ ኣይኮንኩን ዝውድስ ወይ ዝንእድ ዘለኹ። ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ምሽግጋር መድረኽ ሩስያ መሪሕ ግደ ከምዘለዋ ብምግላጽ፡ እዚ ዓለማዊ ብድሆ’ዚ ንምስጋር ኣብ ነፍሲ ወከፍና ንዘሎ ተኽእሎታትን ግደን እየ ዘዘኻኽር ዘለኹ።

ነፍሲ ወከፍ ኣብ ቁጠባዊ መደባት፡ ጸዓት፡ ማይን ትሕተ ቅርጽን ካልእን ክብጽሕ ዝኽእል ሹቶታት ንምውቃዕ ርእይቶኡ ከቕርብ ይኽእል። እቲ ስትራተጂ ብንጹር እንተተታሒዙ ንኹሉ ጸላታትን ኢንዱስትርን ዝምልከት ዝርዝር ንድፍታት ምርቃቕ ይከኣል። ዘሎ ጸጋታት ብምውዳብ ድማ፡ እቶም ንድፍታት ኣብ ትግባረ ከም ዝውዕሉ ይግበር። ህይወት ሓፋሽ ህዝብታት ኣፍሪቃ፡ እስያ፡ ላቲን ኣመሪካ፡ ኤውሮጳን ኣመሪካን ከኣ ክልወጥ ይኽእል።

ብወገና ኣብ በበይኑ ጽላታት እንሓስቦ ናይ ምትሕብባር ደልዉ ንድፍታት ኣለና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጽላት ድማ ንኡ ስትራተጂያዊ መደባት ኣዝቢርናሉ ኣለና። ኣብ መደባት ትሕተ ቅርጺ ከም ጽርግያታት፡ ወደባት፡ መዓርፎ ነፈርቲ፡ መገዲ ባቡር፡ መደባት ጸዓት፡ ምዕቃብን ምሕደራን ማይ፡ ዝርጋሐ ማሳኖ ክተኣታቶ ብዙሓ ዘለዎ ቴክኖሎጂን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዘድሊ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚን ብዝርዝር ኣጽኒዕናዮ ኢና። ትማሊ፡ ምስ ሓደ ሚኒስተርኩም ኣብ ዝተመያየጥናሉ ግዜ፡ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕምና ቀዳማይ እንዳቦ ጉዳይ ከም ዝኾነ ኣጸሪርና፡ ኣብ ኣተግባብራ’ዚ ንድፍታት’ዚ ተረዳዲእና ኣለና። ካልእ ተወሳኺ ጸጋታት ከም ነዳዲ ዘይትን ጋዝን ማዕድናትን እውን ኣሎ። ግና ሰብኣዊ ጸጋታትና እዩ ቀንዲ ሃብትና። ፈደረሽን ሩስያ ድማ ሰብኣዊ ዓቕምና ኣብ ምምዕባል ክትተሓባበረና እምነት ኣንበርና ኣለና። ዝርዝራቱ ኣብ ቦታኡ እኳ እንተሃለወ፡ መደባት ልምዓት ንምውሓስ ሰልጡን ሰብኣዊ ዓቕሚ የድልየና።

እዚ መደባት’ዚ ንምትግባር ዘኽእል ገንዘብ ኣለና’ዶ? ዝብል ሕቶ ክምጽእ ይኽእል’ዩ። ኣብ ኣደና ዘሎ ኩሉ ሳንቲም ብሳንቲም ኣብዚ መዓላ’ዚ ክነውዕሎ ክንፍትን ኢና። ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ድማ ንመኻርኽትና ከም ፈደረሽን ሩስያ “ንድፍታትና ከምዚ ይመስል፣ ንሸኻትኩም’ከ እንታይ ሓሳብ ወይ ርእይቶ ወይ ኣማራጺ ኣሎኩም” እናበልና ጸገን ኢልና ሓቢዮም

ክንሰምዓም ደሊና ኢና።

ጸጋታት ምውዳብ ናይ ሓባር ሓላፍነት እዩ። ብወገና ነቲ ዝዓበየ መደባት ዘድልየና ጸጋታት ካብ ሕርሻ፡ ዕደናን ካልእ ፍርያትናን ክንዋሳእ ንኽእል ኢና።

**ጸገን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩምኒ የቐንየለይ።**

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# እንዶታት ኣብ ምምሕዳርን ምምራሕን ኣኼባ

ሰብ ኣኣብ ዝወጠኖም መደባት ዕዉት ክኸውን ይደሊ። ውጥናቱ ይዕበ ይንኣስ፡ ይድቀቕ ይግዘፍ ብዘየገድስ ብጽፉፍ ክካየደሉ ይጽዕር። መወዳእታኡ ብመንጽር እቲ ዘካየዶ ጻዕርን ዘሎዎ ተመኩሮን ዝሓፍሶ ዓወት ይውሰን። ኣብ ህይወት ዕዉት ንምኳን ኣዝዮም ብዙሓት ባእታታት ከነማልእ ንሕተት'ኳ እንተ ኼንና፡ "ምሕደራ" ዝብል ኣምር ግና ዳርጋ ኣብ ብምልኦም እነካይዶም ንጥፈታት ህይወትና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምሕደራ ግዜ፡ ዓቕምን - ንዋታውን ሓሳባውን - ካልኦትን ድማ ብዝያዳ የገድሱና። ምሕደራ ዝብል ዓውዲ፡ ኣዝዩ ሰፊሕ ዓውዲ'ኳ እንተ ኾነ፡ ንሕጂ ግና ኣብ ምምሕዳርን ምምራሕን ኣኼባ ክሕግዙና ዝኽእሉ ዓሰርተ ነጥብታት ንርአ፤

### 1. ስለምንታይ ኣኼባ ከም ዝጸዋዕካ ፍለጥ

ኣኼባ፡ ኣብ መብዛሕትና፡ ንሕሉፍ ጸገማትና ብምእላይ ናይ ቀጻሊ ዕላማታትና ንሕንጽጸሉ ርክብ ከም ዝኾነ ኢና እንኣምን። ኣኼባታት ካብዚ ዝተጠቐሰ ነጥቢ ብምውጻእ መባኸኒ ግዜን ወረቐትን ዝኸውን ብዙሕ'ዩ። ስለዚ ካብ ከምዚ ዝበለ ዘይተደልየ ክሳራ ንምእላይ ስለምንታይ ኣኼባ ከም ዝጸዋዕካ ብርግጽ ክትፈልጥ ኣለካ።

### 2. ካብቲ ኣኼባ እንታይ ዓይነት ግብረ-መልሲ ከም እትጽበ ወጥን

ኣኼባ ካብቲ መዓልታዊ እንገብሮ ንጥፈታት ብምውጻእ፡ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዛዕባ ኣተኩርና ከም እንዘራረብ ዝገብር ንጥፈት'ዩ። መራሒ ናይቲ ኣኼባ ኴንካ ብጥንቃቐን ውሕልነትን እንተ ዘይመሪሕካዮ ድማ ክሳራ'ዩ። ከም መራሒ መደብ ዕዉትን ጽፉፍን ኣኼባ ከተካይድ እንተ ደሊኻ፡ መጀመርታ ብልክዕ ካብ ተሳተፍቲ እንታይ ትጽበ ከም ዘለኻ ክትፈልጥ ኣለካ። ኩሉ ግዜ፡ ካብ ሰባት እንታይ ንደሊ ከም ዘለና እንተ ፈሊጥና ንምርካቡ ኣይንጽገምን ኢና።

### 3. ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ስራሕ ንምፍላጥ ኣኼባ ኣይትጸውዕ

ምናልባት ምስ ምዕባለ ኤለክትሮንክያዊ ኣቓሑ መልእኽቲ ክንሰድድን ኣኼባ ክንጽውዕን ቀሊል ክኸውን ይኽእል'ዩ። እንተኾነ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ስራሕ ንምፍላጥ ኣኼባ ካብ ምጽዋዕ ክንቍጠብ ኣለና። ኩሉ ግዜ ኣኼባ ክንጽውዕ እንከለና ርጡብ ነጥብታት ብምሓዝ ክስነ ኣለዎ። ኩነታት ስራሕ ንምፍላጥ ጥራይ ኣኼባ እንተ ጸዊዕና፡ ኣብቶም ቀጺሎም እንጽውዖም ዓበይቲ ዛዕባታት ከነልዕለሎም ዝሓሰብና ኣኼባታት፡ ናይ ተሳተፍቲ ተገዳስነት ክጎድል ይኽእል'ዩ። ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ስራሕ ክንፈልጥ እንተ ደሊና፡ ናብ ቦታ ስራሕ ብምኻድ ምስ ገለ ኣባላት ናይቲ ስራሕ ምዝርራብ ኣኻሊ'ዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣዝዩ ኣርባሕን ጠቓምን'ዩ። ምኽንያቱ ሰራሕተኛታት ኣብ ልዕሌኻ ተገዳስነት ንኸድሕሩ የኽእሎም።

### 4. ትኣምኖ ሰብ ንኽሕግዘካ ዕድል ሃብ

ኣኼባ ኩሉ ግዜ ንቕሓትን ኣተኩሮን የድልዮ'ዩ። ብፍላይ ድማ ዓበይትን ወሰንትን ምስ ዝኾኑ፡ ሓደ ሰብ በይኑ ኣኼባ ክመርሕ፡ ዝተባህሉ ነጥብታት ክምዝግብ የጸግም'ዩ። ነቶም ቀዲሞም ዝተባህሉ ነጥብታት ክምዝግብ ክብል ዓበይቲ ነጥብታት ክሓልፍዎ ወይ'ውን ኣተኩሮ ክጉድል ይኽእል'ዩ። ስለዚ ጽፉፍን ዕዉትን ዝኾነ ኣኼባ ከተካይድ እንተ ደሊኻ፡ ብዝተኻእለ መጠን ክሕግዘካ ዝኽእል ትኣምኖ ሰብ ኣብ ጎንኻ ክህሉ ኣገዳሲ'ዩ።

### 5. ሓገዝቲ ትብሎም ሕግታት ኣጽድቕ

ኩሎም፡ ዓበይቲ ይኹኑ ንኣሽቱ ኣኼባታት ብተሳትፎ ኣብላት'ዩ ዕላማታቱ ዝወቅዕ። ዝተፈላለየ ደርጃ ዘለዎም ተሳተፍቲ ኣብ ሓደ ፍጹም ዓለም፡ ነንሓድሕዶም ዝከባበሩን ክብሪ ግዜ ዝርድኡን ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። ኣብዛ ንነብረላ ዘለና ዓለም ግን ነገራት ከምቲ ንሕና እንደልዮ ክኸዱልና ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ'ዩ። ስለዚ እቲ እትመርሖ ኣኼባ፡ ዕዉትን ጽፉፍን ክኾነልካ ትብህግ እንተ ኴንካ፡ ከስርሑኻ ዝኽእሉ ሕግታት ከተጽድቕ ኣለካ። ሕግታት ናይ ዝተፈላለዩ ዕዉታት ሰባት ዘይኮነ፡ ናተይ ትብሎ ምስ ህሉው ኩነታትካ ክኸይድ ዝኽእል ይኹን።

### 6. ኣብ ዝወጠንካዮ ግዜ ጀምርን ወድእን

ስሩዕ ኣኼባ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ግዜ ከተጥፍኣሉ እትኽእል ምኽንያታት መወዳእታ የብሎምን። ኣኼባ ምስ ተጀመረ ድማ ኣብ ዘይተደልዩ ውልቃውያን ዛዕባታት ብምእታው ክትህውትትን ዘይተኣደነ ግዜ ከተጥፍእን ይከኣል'ዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣኼባ ክንጠልብ ከለና ልዕሊ'ቲ ዘድልየና ግዜ ኢና ንውጥን። ብዝተኻእለ መጠን ካብቲ ምዱብ ግዜና ድሕሪ 2 ወይ 3 ደቒቕ ናብ ስሩዕ ኣኼባና ክንኣቱ ኣለና። ኣብ ምውዳእ'ውን ዘድልዩና ነጥብታት ኣኪብና ኣለና ኢልና ኣብ ንኣምነሉ ኣጋጣሚ ኣኼባና ክንዓጹ ይግባእ። ኣስተውዕል'ሞ፡ ካብቶም ኣኼባ ቀልጢፉ ተዛዚሙ ኢሎም ዘማርሩ፡ እቶም ኣኼባ ነዊሑ ኢሎም ዘማርሩ ብዕጽፍታት ይበዝሑ።

### 7. ኣተኩሮኻ ኣሐይል

ኣብ ኣኼባ ብዙሕ ርእይቶታት ክውሕዝ ይኽእል'ዩ። ገለ ሰባት ጥርኑፍ ዘይኮነ ሓሳባት ከፍስሱ ይኽእሉ'ዮም። ነቲ ክብልዎ ዝደልዩ ብሰንኪ ጸቕጢ ከይበልዎ ክተርፍ ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ነቶም ተሳተፍቲ ምቹእ ባይታ ምፍጣር ሓላፍትካ ስለ ዝኾነ፡ ብዝተኻእለ መጠን ስምዒታት ተሳተፍቲ ንምንባብ ልዑል ኣተኩሮ የድልየካ'ዩ። ኣብ ህውተታ ዘለዉ ሓሳባት'ውን ብዝቐልጠፈን ብድፍረትን ከተቋርጾም ይግባእ።

### 8. ስምምዓትካ ኣነጽር

ኣብ ኣኼባ እንሰማምዓሎምን እንውስኖምን ነጥብታት እቶም ቀንድን ሕመረትን ናይቲ ኣኼባ እዮም። ኩሉ ናይ መጻኢ መደባት፡ ናይቲ ኣኼባ ጌርካሉ ዘለኻ ጉዳይ፡ በቶም ኣብቲ ኣኼባ እተመሓላልፎም ውሳነታት ስለ ዝውሰን ልዑል ቈላሕታ የድልዮም'ዩ። ስለዚ ኣብ ምዝዛም ናይቲ ኣኼባ፡ ምስ ተሳተፍቲ ናይቲ ኣኼባ ዝተሰማምዕካሎም ነጥብታት ብንጹርን ዝርዝርን ክትደግሞም ኣለካ።

### 9. ነንዝምልከቶ ኣካል ፡ ነናቱ ሓላፍነት ኣሰክሞ

ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ ሰብ ዝተሰማምዕሉ ነጥብታት ኣብ ወረቐት ተጻሒፉ፡ ኣኼባ ተዓጽዩ፡ ገዛ ተጸራርዩ ... ድሕሪኡኸ? ውሳነታት ሓሊፉ ማለት ኩሉ ተዛዚሙ ማለት ኣይኮነን። ብዝተኻእለ መጠን፡ እቶም ክትግበሩ ዝተወጠኑ መደባት ነናብ ዝምልከቶም ኣካላት በጺሖም ናብ ተግባር ክቕየሩ ኣለዎም። እዚ ድማ ነቲ ኣኼባ ዝመርሐ ሰብ'ዩ ዝምልከት። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ነቲ ውጥን ከተግብር ዝተሓርየ ሰብ ብግቡእ ተረዲእዎዶ ኣይተረድኦን ክረጋግጽ ኣለዎ።

### 10. ተሳተፍቲ ሕቶታት ንኽሓቱ ዕድል ሃብ

ብባህሪ፡ ሰብ ኣብ ኣኼባ ካብ ዝረኣይዎ ጽቡቕ ነገራት፡ ሕማቕ ጎድንታት ናይቲ ኣኼባ ክዝክሩ ይቐልዎም። ከም መራሒ ናይቲ መደብ ድማ ናይ ተሳተፍቲ ተቐባልነት የገድሰካ'ዩ። ስለዚ ኣብ ልዕሊኦም ዘለካ ተገዳስነትን ኣኽብሮትን ከተርእዮም ኣለካ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ኣኼባ፡ ሕቶታት ናይ ተሳተፍቲ ብምቕባልን ብግቡእ ብምምላስን ዝግባእ ክብሪ ኣርእዮም። ንተገዳስነትካን ኣኽብሮትካን ዝትክእ ዋላ ሓደ ነገር ከም ዘየለ ድማ ተገንዘብ።

***

ኢንጂ. ሚካኤል በርሀ




ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### እቶም 7 ድንቂታት ዓለም

ሓንቲ መምህር ንተመሃሮኣ ኣብዚ እዋን ሽውዓተ ድንቂታት ናይዛ ዓለም ጽሒፎም ክመጽኡ ሓቲታቶም ነበረት። ዝበዝሑ ተመሃሮ ድማ፡ ናይ ግብጺ ሃረም (ፒራሚድ)፡ ናይ ህንዲ ታጅ ማሃል፡ ናይ ኣሜሪካ ግሩም ዓሚቚ ጉርዒ (Grand canyon)፡ ናይ ፓናማ መትረብ፡ ናይ ኣሜሪካ ሃገራዊ ህንጻ ኤምብራጦርያ፡ ናይ ባቲካን ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ጴጥሮስን ናይ ቻይና እቲ ዓቢ መንደቕን ዝሓዘ ዝርዝር ነበረ።



ናይዞም ኩሎም ተመሃሮ ዝርዝር ክትቅበል ዝጸንሐት መምህር፡ ሓንቲ ተመሃሪት ግን ገና ዝርዝራ ኣየረከበትን ነበረት። ዝርዝራ ኸተቕብ ዝጸገማ እንተ'ሎ ሓተተት መምህር።

"እወ ንእሽተይ ጸገም ኣሎኒ። ካብ ምብዝሖም ዝተላዕለስ ኣየናይ ክመርጽ ጨኒቑኒ መምህር፡" ክትብል መለሰት ተመሃሪት።

"ደሓን እቲ ዘሎኪ ንገርና'ሞ፡ ዝተረፈ ኸኣ ተሓጋጊዝና ንምልኦ፡" በለታ መምህር።

እታ ተመሃራኢት ከኣ፡ "እቶም ሽውዓተ ናይ ዓለም ድንቂታት እምበር፡ ክትርኢ ምኽኣል፡ ክትሰምዕ ምኽኣል፡ ክትድህስስ ምኽእል፡ ከተስተማቕር ምኽእል፡ ክስምዓካ ምኽኣል፡ ክትስሕቕ ምኽኣልን ከተፍቅር ምኽእልን እዮም፡" ክትብል ሽውዓተ ድንቂታት ዓለም ዝበለቶም ዘርዘረት። እታ ክፍሊ ኸኣ ብዘይ ዘረባ ጸጥ ኢላ ነበረት።

ከም ቅቡል ወሲድናዮም ዝጸናሕና ደቀቕቲ ዝመስሉና ወይ ድንቂነቶም ዘይነስተውዕሎም ልሙዳት ዝመስሉና ብሰብ ክስርሑን ክግዝኡ ዘይክእሉን ነገራት ምሳናን ኣብ ከባቢናን ብብዝሒ ኣለው። እቶም ሽውዓተ ድንቂታትኩም ከ እንታይ ይመስሉ ይኾኑ?

Inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING
SHARE COMPANY

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Training & Development Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

- To supervise, schedule, monitor induction; leadership and operation training by preparing and planning the courses and follow-up on implementation.
- Mentor staff on key performance objectives of their positions.
- Prepare quarterly schedule for Safety and Leadership courses.
- Schedule and introduce any necessary changes.
- Monitor training requests and oversee reminder of delegates.
- Arrange and create new course as per the training gaps and needs of the company.
- Preparing and evaluating of learning material.
- Assign trainers according to training schedule.
- Check and oversee the ordering of all training accessories and supplies.
- Prepare section budgets of training resources.
- Administer functionality of training venues; facilitate maintenance where necessary with work orders.
- Train or coordinate training to develop trainers on both subject matter and presentation skills.
- Assist the trainers in conducting training and solving problems.
- Resolve any issues and conflicts.
- Mentor, council and discipline delegates; maintain proper disciplinary records and report to line management.
- Evaluate performance of trainers and other Training staff.
- Evaluate the actual courses and contents.
- Evaluate the trainer's presentation skills and behaviors.
- Assess delegate feedback forms in order to make necessary changes.
- Prepare weekly and monthly reports for section.
- Prepare and develop new courses; when necessary.
- Conduct actual training; when necessary.
- Coordinate graduate and Internship training programs across departments.
- Liaise with trainees/colleges and mentors/departments to articulate training schedule and materials.
- Provide material and morale support to motivate trainees and mentors.
- Keep records of all training activities.
- Arrange of trainees' transportation, accommodation and other needs.
- Set schedules and summarize all prepared reports; as necessary.
- Moreover, other instruction given by immediate supervisor/ line Manager.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- BA Management or Educational Administration or related Field.

Working Experience – Nature & Length

- 3 – 5 years supervisory/management experience
- 3 – 5 years training & presentation skills

Technical Skills

- Computer Literacy (MS Office – Advanced)
- Management skills
- Attention to detail
- Analytical skill
- Accounting Principles
- Problem solving skill
- Coaching and Mentoring skills
- Business and Finance Acumen
- Creativity
- Verbal and Written reporting skills
- Delegation skills

Behavioral Skills

- Communication (English and local language)
- Assertiveness
- Interpersonal Relations
- Integrity
- Conflict resolution
- Ability to work towards strict deadlines
- High level of accuracy
- Discretion
- Organizational skills
- Multicultural awareness
- Driven/ Active

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Non-Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea




## ሓበሬታ

- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00 -12፡00፣ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ፡ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ። ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኣስመራ ቢራ ነጥቢ ኣጥፊኣ

መበል 14 ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብሰሉስ 8 ነሓሰ ኣብ ስታድየም ኣስመራ ብኽልተ ግጥማት



ቀጺሉ ከም ዘወዓለ ህዝባዊ ርክባት ፊደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ። ኣብዚ ዕለት ፈላሚ ግጥመን ዘካየዳ ጋንታታት ማይተመናይን ኣልታሕረርን እየን። ኣልታሕረር ኣብ ዝሓለፈ ጸወታኣ ሰለስተ ነጥቢ ብውሳድ፡ ናይ ሳልሳይ ደረጃ ካብ ኣስመራ በራ ተረኪባ'ያ ናብዚ ውድድር ኣትያ። ኣብዚ ናይ ሰሉስ ውድድር ግን እታ ንብዙሓት ጋንታታት ኣሰጋኢት ኮይና ትቐርብ ዝላ ማይተመናይ ከትብድሃ ስግኣታት ነይሩ እዩ። እንተኾነ፡ ተጻወትቲ ማይተመናይ ኣብዚ ግጥም ዘይከም ዝሓለፈ ብሉጽ ምንቅስቓስ ክንጽብርቑ ኣይተራእዩን።

ኣብ ወሸጢ 45 ደቓይቕ ሰለስተ ግዜ ልዓተም ክድፈር ክኢሉ። ኘ ጸወታ 12 ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተላዕለ፡ ተሰፋይ ተኸመ ቀዳመይቲ ሹቶ ብምምዝጋብ ንኣልታሕረሪ መራሕነት ኣትሓዘ። ኣብ መበል 37 ደቒቕ ሻም ጴጥሮስ ናብ ገዛእ ልዓቱ ሹቶ ብምምዝጋቡ ኣልታሕረር መራሕነታ ከተደልድል እንከሎ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ ከኣ ወደብ ፍሰሃየ ነቲ ወጽኢት ናብ 3-ብ0 ቀየሮ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኩዕሶ ናብ ክልቲኡ ልዓት ትንቀሳቐስ'ኳ እንተነበረት፡ ክልቲኤን ጋንታታት ሹቶ ክሰልጠን ኣይከኣላን። ጸወታ ብናይ ቀድሚ ዕረፍቲ ወጽኢት ብዓወት ኣልታሕረር 3-ብ0 ተዛዘመ። ኣልታሕረር 26 ነጥቢ ብምውህላል ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ነታ ድሒራ ትግጥም ዝነበረት ኣስመራ በራ ናብ ምዕዛብ'ያ ኣትያ። ብሉጽ ተጻወታይ ናይዚ ግጥም ተኸላኸላይ ኣልታሕረር ወደብ ፍሰሃየ እ ኮይኑ።

ድሕሪዚ ግጥም ኣስመራ በራን ዕዳጋ ሓሙሰን እየን ናብ ሜዳ ወሪደን። ኣብዚ ግጥም ጸቡቕ ዘይቀጸየት ዕዳጋ ሓሙሴ ነታ ሳልሳይ ደረጃ ንምሓዝ ትቃለስ ዝላ ኣስመራ በራ ሒዛታ'ያ ወዒላ። ኣልታሕረር ኣብ ልዕሊ ማይተመናይ ዓወት ብምምዝጋባ ዘይቀሰኖት ኣስመራ በራ፡ ብተደጋጋሚ ናብ ልዓት ዕዳጋ ሓሙስ ትጽግዖሉ ኣብ ዝነበረት እዋን፡ ኣብ መበል 36 ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ብምርካብ ዕድል ገይሩ። ኣጥቃዓይ ኣስመራ በራ ኣቤል ወልደየሱስ ነታ ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ናብ ሹቶ ድሕሪ ምቕያሩ ደሚ ንዕረፍቲ 1-ብ0 ተፈላልየን።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ብወገን ክልቲኤን ጋንታታት መሳጥን ሓያል ተወዳዳርነትን ዝተራእዮ ጸወታ'ዩ ተኻይዱ። ኣብ መበል 58 ደቒቕ ናይቲ ግጥም ሓላዊ ልዓት ኣስመራ በራ ርያን መሓመድ ሐዚዩ ንዝበላ ኩዕሶ - ናይ መስመር ዳኛ ካብ መስመር ብምሕላፉ - ሹቶ ክትከውን ኣጽደቓ። ተጻወትቲ ኣስመራ በራ፡ በቲ ውሳነ ስለ ዘይዓገቡ ምስ ደያኑ ክንድሩ ተራእዮም። ጸወታ ግን 1-ብ1 ቀጺሉ። ክልቲኤን ጋንታታት መራሕነት ንምሓዝ ሓያል ጻዕሪ ካብ ምኽያድ ኣየዕረፉን። ኣብ መበል 80 ደቒቕ ኣጥቃዓይ ኣስመራ በራ ኣቤል ወልደየሱ፡ ምስ ሓላዊ ልዓት ዕዳጋ ሓሙስ ኤርሚያስ ዓንደሚካኤል ንበይኑ ፊት ንፊት ተራኺቡ'ኳ እንተነበረ፡ ክጥቀመላ ኣይከኣለን። ኣስመራ በራ ወርቃዊት ዕድል ኣምለጣታ። ኣስመራ በራ ካብ መራሕነት ተዓንቀፈት። ጸወታ ደሚ ብናይ ሓባር ወጽኢት 1-ብ1 ተዛዘመ። ኣስመራ በራ 20 ነጥቢ ሒዛ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ተቐሚጣ ኣላ። ብሉጽ ተጻወታይ ናይዚ ግጥም ኣጥቃዓይ ዕዳጋ ሓሙስ ሮቤል ኩብሮም እዩ ተረቒሑ።

ግጥማት ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ሓሙስ'ውን ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ኩብንያ ሰምበል ምስ ቴራቮሎ፡ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኩብንያ ሰገን፡ ኣዱሊስ ደሚ ምስ ደንደን ብዝካየዳ ጸወታታት ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ፊደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ኣፍሊጡ።

## ሲቲ ንፓኩዌታ ጠሚታ

ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ስሉሳዊ ዓወት ብምምዝጋብ ታሪኽ ዝሰርሐት እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ሲቲ፡ ንኣኽፋሊ ዌስትሃም ሉካስ ፓኩዌታ ናብ መሳርዓ ንምጽንባር 70 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዝሰለዐት መርበብ ሓበሬታ ሜትሮ ስፖርት ንእሙናት ምንጮታት ብምጥቃስ ሓቢሩ። ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ሲቲ ስጳኛዊ ፐፕ ጓርዲዮላ፡ ኣብዚ ናይ ክረምቲ መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ንጉንዶጋንን ሪያድ ማህረዝን ከም ዘፋነዎም ዝፍለጥ'ዩ። ንሱ ዋላ'ኳ ንምትካእ ኮቫቺች ካብ ቸልሲ ከም መተካእታ ናብ ኢትሓድ እንተምጽኦ፡ ኘ ንመስመር መጥቃዕቲ ምርጫ ዝኾነ ዝኾኑ ተጻወትቲ ኣብ ምንዳይ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር። ብራዚላዊ ፓኩዌታ ኣብ ፈለማ ናይ ጸወታ ወቕቱ ማልያ ዌስትሃም ወድዩ መሳጢ ምንቅስቓስ ካብ ዘርኣዩ ተጻወትቲ ምዃኑ'ዩ ዝእመን። እቲ ተጻዋታይ ቅድሚ ሓደ ዓመት'ዩ - ካብ ሊዮን ብ51 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ዌስትሃም ተጸንቢሩ። ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ ሜትሮ ስፖርት ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ዋላ'ኳ ሲቲ ነዚ ኣኸፋሊ ንምውናን 70 ሚልዮን ፓውንድ ስሊዓ እንተሃለወት፡ ዌስትሃም ግን ልዕሊኡ ከም እትሓትት ተፈሊጡ ኣሎ። ኣሰልጣኒ ሲቲ ፐፕ ጓርዲዮላ ዝሓለፈ ዓመት ነዚ ተጻዋታይ ከም መተካእታ በርናንዶ ሰልቫ ናብ ኢትሓድ ከምጽኦ ሓሲቡ'ኳ እንተነበረ፡ እቲ ፖርቱጋላዊ ተጻዋታይ




ኣብ ኢትሓድ ክጸንሕ ብምውሳኑ ግን፡ ንሓሳቡ ከም ዘቋረጾ'ዩ ዝሕበር። ቀጠር ኣብ ዘካየደቶ ዋንጫ ዓለም 2022 ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ወድዩ ጸቡቕ ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕለፈ ፓኩዌታ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ቢታወይ ብራሲል ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት፡ ማልያ ማንቸስተር ሲቲ ወድዩ ክጻወት ልዑል ድሌት ከም ዘለዎ ተዛሪቡ። ንሱ ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ብዝለዓለ እተደንቖ ተጻዋታይ? ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ "በርናንዶ ሰልቫን ኬቨን ዲ ብሮይንን" ክብል'ዩ መሊሱ።

## እንታይ'ከ ይበሃል ኣሎ?

• ሮማሉ ሉካኩ፡ ካሉም ሁድሶን ኦዶይን ሃኪም ዘይችን ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ - ቁጽሪ ማልያ ክወጽም ብዘይምኽኣሉ ካብ ቸልሲ ክወጽኡ ምዃኖም ተሓቢሩ። ሽዱሽተ ተጻወትቲ ብምምጻእ 13 ተጻወትቲ ዘፋነወት ቸልሲ፡ ብሰለስ ቁጽሪ ማልያ ተጻወትቲ ከም ዘፍለጠት ይዝከር። ቁጽሪ 22 ማልያ ዋላ'ኳ ኣቐዲማ ብሓኪም ዘይች ትውዳ እንተነበረት፡ ኣብዚ እዋን ግን ንዝኾነ ተጻዋታይ ኣይተዋህበትን ዘላ። ካሉም ሁድሶም ኦዶይ ዝዝብራ ዝነበረ ማልያ ንሓደሽ ኣባል እታ ጋንታ ኣንድረይ ሳንቶስ ክትወሃብ እንከላ፡ ሉካኩ እውን ቁጽሪ 9 ማልያ ኣይተዋህቦን ዘሎ። ኒኮላስ ጃክሰን ቁጽሪ 15 ክወስድ እንከሎ፡ ክሪስቶፈር ንኩንኩ ድማ ቁጽሪ 18 ተዋሂቡ ኣሎ።




• ሓላዊ ልዓት ኣርሰናል ኣሮን ራምስዴል፡ ንምምጻእ ዴቪድ ራያ ብሓገዝ ከም ዝቐበሎ ኣፍሊጡ። ኣርሰናል፡ ንሓላዊ ልዓት ብረንትፎርድ ስጳኛዊ ዴቪድ ራያ - ብ30 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኤምሬትስ ከተምጽኦ ከም ዝተሰማምዐት ይፍለጥ። በዚ ከኣ ኣብ መንጎ ራያን ራምስደልን ሓያል ተወዳዳርነት ክህሉ ከም ዝኽእል ብኢጋኡ ተገሚቱ ኣሎ። ወዲ 25 ዓመት ራምስደል፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ካብ ሸፊልድ ናብ ኣርሰናል ካብ ዝመጸ፡ ጸቡቕ ብቕዓት እኳ የርኢ እንተሎ፡ ምምጻእ ራያ ከም ዘቐብሎ ይእመን።

• ጀርመናዊት ባየር ሙኒክ፡ ንኣጥቃዓይ ቶተንሃም ሃሪ ኬይን 110 ሚልዮን ፓውንድ ሒዛ ንመውዳእታ ግዜ ከም እትሓትት፡ ስካይ ስፖርት ኣፍሊጡ። ይኹን'ምበር፡ ሙኒክን ቶተንሃምን ካብ ምርድዳእ ርሒቐን ብምህላወን፡ ኬይን ኣብ ፕሪመር ሊግ ናይ ምጽናሕ ዕድሉ ልዑል ከም ዘሎ ይግለጽ።


• ናይ ሰሜን ለንደን መቐናቕንቲ ክለባት ዝኾና ኣርሰናልን ቶተንሃምን፡ ንወዲ 25 ዓመት ብራዚላዊ ኣከፋሊ ኣስቶንቪላ ዶግላስ ሉዊዝ ንምውናን፡ ኣብ ቅልስ ኣትየን ከም ዘለዋ ፉትቦል ኢንሳይደር ዝተባህለ ማዕከን ዜና ሓቢሩ።

• ስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል፡ ንብራዚላዊ ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ ነይማር ንምፍራም ድሌት ከም ዘለዋ ኣፍሊጣ። ክለብ ኣል ሂላል ብምኽንያት መስርሕ ምስግጋር እዚ ተጻዋታይ፡ ምስ ወላዲኡ ክትዘራረብ ቆጸራ ሒዛ ከም ዘላ ይናፈስ ኣሎ።

• እንግሊዛዊ ናይ የማን ተኸላኻላይ ካይል ምከር፡ ኣብ ማንቸስተር ሲቲ ክጸንሕ ከም ዝወሰነ ዘ ኣትሌቲክ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 33 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣቐዲሙ ናብ ባየር ሙኒክ ክኸይድ ተሰማሚዑ ከም ዝነበረ እዩ ዝሕበር።

## ማጓየር ምስ ዌስትሃም ተሰማሚዑ

ዌስትሃም፡ ንእንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ማንቸስተር ዩናይትድ ሃሪ ማጓየር፡ ናብ መሳርዓ ንምጽንባር ከም እተሰማምዐት ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ እታ ጋንታ ኣፍሊጡ። ዌስትሃም ነዚ ተጻዋታይ ንምውናን ኣስታት 30 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዘጥፈኣት'ዩ ዝሕበር ዘሎ። ዋላ'ኳ እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ኣብ መንጎ ክልቲአን ጋንታታት ጥራይ እንተኾነ፡ ማጓየር'ውን ዝኾነ ተቓውሞ ከም ዘየስምዐ ምስቲ ተጻዋታይ ቀርበት ዝለዎም ወገናት




ይሕብሩ። ማጓየር ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ካብ ሌስተር ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ክብረ-ወሰን መስርሕ ምስግጋር ተኸላኸልቲ (80 ሚልዮን ፓውንድ) ከም ዝከፈለ ይዝከር። ኣብዚ ክረምቲ መዘዙ ሓሊፉ ጋንታ ዝተመንጠለ ማጓየር፡ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ብሰንኪ ዝዝበሮ ዝነበረ ተደጋጋሚ ጌጋታት፡ ምስ ቀዋሚ 11 ተሰለፍቲ ሬድ ዴቭልስ ክሰለፍ ብዘይምኽኣሉ፡ ዋጋኡ ከም ዘንቆልቆለ እዩ ዝእመን። እቲ ተጻዋታይ ናብ ዌስትሃም ከም ዝሰጋገረ ይግለጽ'ኳ እንተሃለወ፡ ትማሊ ረቡዕ ግን ኣብ ናይ ልምምድ ቦታ ማንቸስተር ዩናይትድ - ማለት ካሪንግተን ልምምዱ ክካይድ ከም ዝተራእየ ተፈሊጡ። ዩናይትድ ኣቐዲሙ ብዌስትሃም ቀሪቡ ንዝነበረ ናይ 20 ሚልዮን ጠለብ ከም ዘጸገዮ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ንማክቲሞናይ'ውን ጸቡቕ ዋጋ እንተተቐሪቡላ ክትሰዶ ከም ትኽእል ይሕበር።

ማጓየር ክልቲአን ጋንታታት ኣብ ስምምዕ እንተዘይበጽሓ፡ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ቦታኡ ንምውሓስ ክቃለስ'ዩ ሓሲቡ ነይሩ። ንሱ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ንራፋኤል ቫራኔ ሊሳንድሮ ማርቲነዝ ይኹን ንናይ ጸጋም ተኸላኻላይ ለክ ሻው ክይተረፈ ክበልጾም ኣይከኣለን ነይሩ። ኣብ ፈለማ ክልተ ጸወታታት ናይዚ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣንጻር ብራይተንን ብረንትፎርድን ድኹም ምንቅስቓስ ድሕሪ ምርኣዩ፡ ኣብ ምሉእ ወቕቲ ሽዱሽተ ግዜ ጥራይ'ዩ ጸወታ ጀሚሩ። እቲ ተጻዋታይ ዋላ'ኳ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ እምነት እንተሰኣነ፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ግን ከም ሓያል ተቓላሳይ እዩ ዝቖጸር ነይሩ። ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌይት፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ናይ ምስላፍ ዕድል እንተ ዘቕጽል ነይሩ፡ ዕድል ክህቦ ምተጸገመ ዝበሉ ብዙሓት እዮም። ሕጂ ግን ናብ ዌስትሃም ከይዱ ናይ ጸወታ ዕድላት ክረክብ ስለ ዝኽእል፡ ሳውዝጌይት እምነቱ ከቕጽል ምኽንያት ይግመት። ዌስትሃም ኣብዚ ናይ ክረምቲ መስርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ኢወርጃ ዝቕል ኢላ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብዝን ተረፈን ዘለዋ ሓደት ሰሙናት፡ ብምሉእ ሓይላ ናብ ዕዳጋ ወሪዳ ከም ዘላ ይንገር። ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ዴቪድ ሞየስ፡ ኣብዚ እዋን ንኤድሰን ኣልቫረዝ ካብ ኣያክስ፡ ንጄምስ ዋርድ-ፕሮውስ ከኣ ካብ ሳውዝሃምፕተን ንምዕዳግ፡ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከም ዘሎ ይሕበር።

# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ደ/ኣፍሪቃ - 'ብሪክስ' ናይ ገዛእ ርእሱ ባጤራ ንምውጻእ ይሕልን




ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብቲ ን22 ነሓሰ ዝኸፈት መበል 15 ኣኼባ ሃገራት 'ብሪክስ፡ እቲ ውድብ ናይ ገዛእ ርእሱ ባጤራ ንኸውጽእ ድፍኢት ከምእትገብር ሓሳባዊ ዘተ ብምልዕዓል ብወገኑ ስልጣንኣ ሃገር ኣፍሊጣ።

ሚኒስተር ኣህጉራዊ ዝምድናታት ደቡብ ኣፍሪቃ ናሌዲ ፓንዶር ኣብ ዝሃበቶ ጋዜጣዊ ዋዕላ፡ ሃገራ ነቲ ዛጊት ብዶላር ኣመራሓ ዝተዓብለለ ኣህጉራዊ ንግዳዊ ልውውጥ ዝትክእ ስርዓት ክተኣታቶ ውጥን ሓንጺጸ ከምዘሎ ሓቢራ።

እታ ሚኒስተር፡ እቲ ንብረዛል፡ ሩስያ፡ ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን ዝጥርንፍ ውድብ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ባጤራ እንተወዲኡ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣባላት ሃገራት ዝካየድ ንግዳዊ ንጥፈታት ዝያዳ ዘደንፍዕ ከምዝኸውን እያ ገሊጻ።

ኣብዚ እዋንዚ፡ ክሳብ 20 ዝኣኽሉ ሃገራት ኣባላት ናይቲ ውድብ ክኾና ሕቶ ኣቕሪበን ከምዘለዋ ዝሓበረት እታ ሚኒስተር፡ እቲ ውድብ እናሓየለ ክመጽእ እንተኾይኑ ንግዳዊ ንጥፈታት ዓለም ዝዕብለሉ ወጥናት ክሕንጸጽ ከምዘለዎ ኣገንዚባ።

ኣብቲ ካብ 22 ክሳብ 24 ነሓሰ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝካየድ ኣኼባ ሃገራት 'ብሪክስ፡ ዛጊት ወከልቲ ፕረዚደንት ኢራን ኢብራሂም ራኢሲ ዝርከብዎም ወከልቲ 34 ሃገራት ከምዝሳተፉ ተረጋጊጹ ምህላዉ እውን እታ ሚኒስተር ትሕብር።


## ብሪጣንያውያን ተመራመርቲ፡ ኣንጻር ናይ መጻኢ ለበዳታት - ክታበት የማዕብሉ

ብሪጣንያውያን ተመራመርቲ ኣብ መጻኢ ክኽሰቱ ንዝኽእሉ ለበዳታት ንምክልኻል ዝኽእል ክታበት ድሮ ኣብ ምድላው ከምዝርከቡ ገሊጾም።

እቶም ኣብቲ 'ፖርቶን ዳውን' ዝተባህለ ብጾትዕ ዝሕሎ ቤተ-ፈተነ ብሪጣንያ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ድሕሪ ለበዳ ኮቪድ 19፡ ብሕጂ'ውን ክመጽኡ ንዝኽእሉ ለበዳታት ኣቐዲሞም ክዳለዉ ዕዮታት የካይዱ ከምዝለዉ ገሊጾም።

እቶም ተመራመርቲ ኣንጻር 'ረስኪ ሪሚያን ኮንጎ' ዝተባህለ መድመይቲ ዘኸትል ቀታሊ ሕማም - ድሮ ክታበት ከምዝዳለዉን፡ ኣብ ወለንተኛታት ከምእተፈተነን ኣረዲኦም። ብመሰረት ሓበሬታ ናይቶም ተመራመርቲ፡ በቲ ለበዳ ካብ ዝተለኽፉ 10 ሰባት፡ እቶም 3 ናይ ሞት ዕጫ የጋጥሞም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ከም ናይ ኢንፍሉዌንዛ ኣዕዋፍ፡ ፍንጣጣን ካልእን ዝኣመሰሉ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝሓልፍ ሓደገኛታት ለበዳታት ናይ ምምጻእ ተኽእሎ ከምዘሎ እዮም ዝእምቱ።



## ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን-ነበር ሰለስተ ዓመት ክእሰር ተፈሪዱ

ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ዝነበረ ኢምራን ክሃን፡ ፈጺሙዎ ብዝተባህለ ክሲ ብልሽውና ን3 ዓመት ክእሰር ከምእተፈርደ ምንጭታት'ታ ሃገር ሓቢሮም። ብተወሳኺ ንዝመጽእ 5 ዓመታት ኣብ ፖለቲካዊ ምርጫታት ከይወዳደር ብኮሚሽን ምርጫ'ታ ሃገር ተኣጊዱ ከምዘሎ - እቶም ምንጭታት ገሊጾም።

ኣብ ፓኪስታን ቀሊል ዘይኮነ ደገፍ ከምዘለዎ ዝነገረሉ ኢምራን ክሃን፡ ካብ 2018 ክሳብ 2022 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ነታ ሃገር ዝመርሐ ኮይኑ፡ ዳግማይ ናብ ስልጣን ከይድይብ ብመቓናቕንቱ ተረር ጸቕጢ ይግበረሉ ምህላዉ እዩ ዝወቅስ።

ኣብ ልዕሊ'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር-ነበር ዝተዋህበ ፍርዲ ብምዕቃናት ዜና ኣብ ዝተቓልሓሉ እዋን፡ ደገፍቱ ተረር ተቓውሞ ከምዘሰምዑ እዩ ዝነገር።



ዝሓለፈ ዓመት ብበይቶ ካብ ስልጣኑ ዝተኣልየ ኢምራን ክሃን ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን - ካብ ናይ ደገ መንግስታትን መራሕትን ንዝተዋህቦ ገጸበረኸት ንዝምልከቶ ኣካል ከየፍለጠ ሐዙዎ ብዝብል እዩ ተኸሲሱ።

መራሒ ሰልፊ 'ታህሪክ ኢንሳፍ ፓኪስታን' ዝኾነ ኢምራን ክሃን ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተዋህበ ናይ ማእሰርቲ ፍርዲ 'ፖለቲካዊ ድፍኢት ዘለዎ'ዩ' ብምባል ኣትሪሩ ኮኒኑዎ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ ኣስታት 10 ሽሕ ደገፍትን መራሕትን ናይቲ ሰልፊ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዉ ድማ ይኸሰስ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን-ነበር፡ ብፍላይ ንምስሕሓብ ካሽሚር ንምፍታሕ ዕቱብ ስጉምቲ ከምዝወሰደ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ዞባ ተስፋታት ሰላም ዘጠዐሰ ምንባሩ ጸብጻባት ይገልጹ።

## ላይበርያ፡ ብፈተነ ዕልዋ ዝድለ ኣዛዚ ፖሊስ ሰራልዮን-ነበር ኣረኪባ



ላይበርያ፡ ኣብታ ሃገር ተዓቚቡ ንዝጸንሐ ኣዛዚ ፖሊስ ሰራልዮን-ነበር መሓመድ ቶረ፡ ናብ መንግስቲ ሰራልዮን ከምዝረከበቶ ሓቢራ።

ሚኒስተር ዜና ላይበርያ ከምዝሓበሮ፡ መንግስቲ ሰራልዮን ነቲ ፈተነ ዕልዋ ከምዝኻየደ ዝኸሰሶ በዓል ስልጣን-ነበር ክርከቦ ተደጋጋሚ ጠለባት ከቕርብ ጸኒሑ እዩ። መሓመድ ቶረ፡ ዕልዋ ንምፍጻም ከምዝወጠነ ንዝቐርበሉ ክስታት ኣትሪሩ ይነጽጎ።


እንተኾነ፡ ላይበርያ ኣብቲ ክስታት ኣፈናዊ መርመራታት ድሕሪ ምኽያድ፡ ነቲ በዓል ስልጣ ሰራልዮን ዝነበረ ኣሲራ ክተረክቦ ከምዝወሰነት እያ ተነጽር። ኣብ ሰራልዮን ናጻን ርትዓውን መስርሕ ፍርዲ ከምዝረክብ ቃል ከምዝተኣትወላ ድማ ትሕብር።


እቲ ኣዛዚ ፖሊስ ሰራልዮን-ነበር፡ ካብ'ቶም ኣብ 2020 ካብ መዝነቶም ዝተሰጉጉ መኮንናት ሓደ ኮይኑ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ኣብ ላይበርያ ክነብር ምጽንሑ ጸብጻባት የመልክቱ።

መንግስቲ ሰራልዮን፡ ዝተፈላለዩ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘለዉ ሓይልታት ኣንጻሩ ናዕቢ ንምውላዕ ወጢኖም ከምዘለዉ ክኸሰስ ምቕናዩ ይግለጽ። ሰላምን ጸጥታን ሃገር ክፍርሱ ፈቲኖም ንዝበሎም ገለ ላዕለዎት መኮንናት እውን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዩዎም ከምዘሎ እዩ ኣፍሊጡ።

## ኬንያ - ኣብ መንጎ መንግስትን ተቓዋሚ ሰልፍን ዝርርብ ይካየድ

ኣብ ኬንያ ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ንምዝሓል፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ 'ኬንያ ክዋንዛ' ምስ ልፍንታዊ ተቓዋሚ ሰልፊ 'ኣዚሚዮ ላ ኡሞጃ' ኣብ ቀረባ እዋን ዝርርብ ከምዝጅምር ገሊጹ።





መንግስቲ ኬንያ ኑቲ ዝርርብ ከምዝካየድ ዝገለጸ ዘሎ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ሓያሎ ከተማታት'ታ ሃገር ብዝተለዓዓለ ናዕብን ዕግርግርን ህይወት 10'ታት ሰባት ምጥፍኡ እዩ።

ኣብ ኬንያ፡ ካብ ዝሓለፈ መጋቢት ጀሚሩ ኣንጻር መንግስቲ ዊልያም ሩቶ ዝቐንዐ ሓያል ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ይካየድ ምህላዉ'ዩ ዝግለጽ።

ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ፡ ክብሪ መነባብሮ እናኸፈአ ምምጽኡ ዘማርሩ ዜጋታት፡ ኣብ ጎደናታት ወጺኦም ናዕቢ ዝተሓወሶ ተቓውሞ ኣብ ዘካይዱሉ ዝነበሩ እዋን፡ ምስ ኣባላት ፖሊስ ግጭት ስለዝተወልዐ ብውሑዱ 30 ሰባት ከምእተቐትሉ እዮን ኣህጉራውያን ትካላት ዝሕብራ። ተቓዋሚ ሰልፊ ግን ቁጽሪ ግዳያት ክሳብ 50 ከምዝበጽሕ እዩ ዝገልጽ።

ሕጊ ምርጫ'ታ ሃገር ጸገም ከምዘለዎ ዝጠልብ ተቓዋሚ ሰልፊ፡ መንግስቲ ሩቶ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ወሰኽ ግብሪ ብምስላዑ መነባብሮ ዜጋታት እናኸፍአ ምኻዱ ይኸስስ። በዚ ድማ፡ ቀጻሊ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ክካየድ ጻውዒት ምቕራቡ ይፍለጥ።

እቲ ብራይላ ኦዲንጋ ዝምራሕ ሰልፊ፡ ኣብቲ ምስ መንግስቲ ዝግበር ዝርርብ፡ ኣብ ሕጊ ምርጫ'ታ ሃገር ጸገም ዝፈጥሩ ክብሪ መነባብሮ ዝንክዩ ዛዕባታት ከምዝተኮር እዩ ዝገልጽ። መንግስቲ ብወገኑ፡ ኣብታ ሃገር ንዝተኸስተ ዘቕባበ ንምውጋድን ዋጋታት መሰረታውያን ኣቕሑ ንምንካይን ድሮ ኣብ ባይታ ክሰርሓሉ ጀሚሩ ከምዘሎ የገንዝብ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሓማሴን | 10/08/2023 | ጎደና ሓማሴን - 176 ቁ.1፡ ከባቢ ሴዳው | 120205 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565